ንሞግዚታትን ቆልዑን

# ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ን12 ወይ ልዕሊኡ ዕድሜኦም ቆልዑ

Folkhälsomyndigheten

ኮቪድ-19 ኣዝዩ ተማሓላላፊ ሕማም ኢዩ። ክታበት ምውሳድ ድማ ውጽኢታዊ መከላኸሊ ኣንጻር እዚ ሕማም ኢዩ።

ቆልዑን ዓበይትን ኩሎም ኮቪድ-19 ክሓሙ ይኽእሉ ኢዮም። ቆልዑ ቅሩብ ኢዮም ዝሓሙ፡ ግን ገሊኦም ብጽኑዕ ወይ ንነዊሕ ግዜ ዝሓሙ ኣለዉ። እቲ ክታበት ንኣካል ካብቲ ሕማም ከምዝከላኸል ይገብሮ። ኩሎም 12 ዓመት ዝገበሩ ቆልዑ ኣንጻር ኮቪድ-19 ክኽተቡ ይኽእሉ ኢዮም። ክታበት ብነጻን ብወለንታን ኢዩ።

## እቲ ቫይረስ ብቐሊሉ ኢዩ ዝመሓላለፍ

ኮቪድ-19 ተመሓላላፊ ኢዩ። ኣብ እትሓምሉ ግዜ ኣብ ገዛ ምጽናሕ ነቲ ስግኣት ለበዳ ናይቲ ሕማም ይቕንሶ፡ ግን ነቲ ምትሕልላፍ ናይቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ክትዓግቶ ዝክኣል ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ውጽኢታዊ ኣገባብ ቆልዑ ካብ ኮቪድ-19 ክከላኸሉ ዝኽእሉ ክታበት ምውሳድ ኢዩ።

## ክታበት ምውሳድ መከላኸሊ ይፈጥር

እቶም ክታበታት ንቆልዑ ካብ ከበድቲ ሓማማት ንምክልኻልን ብውሕስነት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ተባሂሎም ብግቡእ ዝተፈተኑ ኢዮም። ኣብ ዓለም ምሉእ ብዙሓት ብሚሊዮናት ዝቑጸሩ ቆልዑ ድሮ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ወሲዶም ኣለዉ።

ሓደሓደ ግዜ ዋላ ክታበት ወሲድኩም ከለኹም ክትሓሙ ትኽእሉ ኢኹም፡ ግን እዚ ሳሕቲ ዘጋጥም ኢዩ። ከምኡ ምስ ዘጋጥም ድማ ቁሩብ ጥራይ ኢኹም ትሓሙ። ዋላ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ውሰዱ፡ እንድሕር ሰዓል ወይ ሕማም ተሰሚዕኩም ኣብ ገዛ ምጽናሕ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ብዛዕባ'ቲ ክታበት

ቅድሚ ክታበት ምውሳድ ግድን ክትምልሱ ኣለኩም ብዛዕባ ቆልዓኹም ከመይ ይስምዖ ከምዘሎ፡ ንኣብነት፡ ቆልዓኹም ዝኾነ ቁጥዐ (ኣለርጂ) እንተሃልይዎ ንዝኾነ ነገር። እቲ ክታበት ብመልክዕ መርፍእ ስሪንግ ዝውጋእ ኣብ ላዕለዋይ ቅልጽም ኢዩ ዝወሃብ።

## ቆልዓኹም እንታይ ክስምዖ ይኽእል ድሕሪ ምውሳድ ክታበት

ዝበዝሑ ሰባት ጽቡቕ ይስምዖም ድሕሪ ክታበት ምውሳድ። ገለ ሰባት ድኻም፡ ረስኒ ወይ ቅርጥማት ይስምዖም። እዚኦም ልሙዳት ግብረ-መልሲ ኢዮም ከምኡ'ውን እቶም ክታበት ዝወሰዱ ሰባት ኣብታ ከምዚ ዓይነት ምልክታት ኣብ ዘርኣዩላ መዓልቲ ጥራይ ከዕርፉ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ኣብታ መርፍእ ዝተወጋእኩምላ ክፋል ናይ ቅልጽምኩም ድማ ቃንዛ ክስምዓኩም ይኽእል ኢዩ።

ከበድቲ ጎናዊ ሳዕቤን ሳሕቲ ጥራይ ኢዮም ዝርኣዩ። እንተኾነ ግን፡ እንድሕር ምልክታት ሕማም ኣርኢኹም ከምኡ'ውን ሕማም ተሰሚዕኩምን ሕክምናዊ ምኽሪ ክትሓቱ ኣገድሲ ኢዩ።. ድሕሪ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ኣዝዩ ዘይንቡር ዝኾነ ጎናዊ ሳዕቤን ነድሪ ጭዋዳታት ልቢ እዩ። ናይዚ ውጽኢት ድማ ቃንዛ ኣብ ኣፍልብን ናይ ምስትንፋስ ጸገማትን ክስዕቡ ይኽእሉ። እንተኾነ ማዮካርዳይተስ ድሕሪ ብቫይረስ ዝመጽእ ረኽሲታት ከጥቅዕ ኢዩ ዝያዳ ልሙድ፡ ንኣብነት ኮቪድ-19 ምስ ዝሕዘኩም፣ ካብ ድሕሪ ክታበት ኮቪድ-19 ምውሳድ ንላዕሊ። ቆልዓኹም ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዘጋጥሞ፡ ምኽሪ ከምኡ'ውን መምርሒን ንምርካብ ናብ Vårdguiden 1177 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕቶታት ኣለዉኹምዶ፧

ቅድሚ ክታበት ምውሳድኩም ሕቶታት ክህልውኹም ልሙድ ኢዩ። ብዛዕባ ምውሳድ ክታበት ነጻ ኮይንኩም ኣብ ገዛ ተዘራረቡ ከምኡ'ውን ነዚ ሓበሬታ ምስ ቆልዓኹም ኮይንኩም ኣንብብዎ።

ዝያዳ ሓበሬታ ክርከብ ይክኣል ኢዩ ኣብ

- **1177.se** ከምኡ'ውን
- **Folkhalsomyndigheten.se**

ኣብ 1177.se፡ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኣብቲ ንስኹም ትነብረሉ ቦታ እንታይ ከምዝትግበር ከምኡ'ውን ቆልዓኹም ነቲ ናይ ክታበት ዕድል ብኸመይ ክጥቀመሉ ከምዝኽእልን።

እንድሕር ዝያዳ ሓበሬታ ደሊኹም ብቋንቋ ሽወደን ብዘይ ኮነ ቋንቋ፡ ድውሉ ናብ 08-123 680 00።



FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN 2021. ARTIKEL TIGRINJA22211-10